ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፈን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

St. Eritrean Orthodox Tewahdo
Medhanie Alem Kerk
Amstelveen-Amstelland Holland.

25 ጥቅምቲ 2017 ግዕዝ
4 november 2024
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2017-504

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ ክብረበዓል መበል 21 ዓመት ምምሥራት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፈን-ኣምስተልላንድ፡

ናብ ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፈን-ኣምስተልላንድ፡

ብመጀመርታ ንልዑል እግዚኣብሔር ኣምላኽና ዝላዓለ ምስጋና ኣንዳ ኣቐረብና፡ መበል 21 ዓመት ክብረበዓል ምምሥራት ቤተክርስትያንና ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፈን-ኣምስተልላንድ; ኣብ ወርሒ ሕዳር ከነኽብሮ ኢና'ሞ ኣቐዲምና ብቃል ብጊዜኡ ኣብ ቤተክርስትያንና ከም ዝገለጽናዮ፡ ሕጂ ከኣ እነሆ ብደብዳበ ብኽብሪ ንዕድመኩም ኣሎና።

ንዝሓለፈ 21 ዓመታት ኣብ ዝተፈላለየ ጊዝያትን ኣጋጣሚታትን፡ እዛ ቅድስቲ ቤተክርስትያን ደብረሰላም መ/ዓለም፡ ኣገልግሎታን ቀጻልነታን ኣብ ምዕባይን ኣብ ምውሓስን፡ ገደብ ዘይብሉ ጽንዓትን ተወፋይነትን ብምርኣይ፡ ብወለንታ ንዝገልገልኩም ውሉደክህነት፣ ኣመሓደርቲ፣ ኣካየድቲ ሥራሓት፣ ኣዴታትን መንእሰያትን፣ ብሓፈሻኡ ንኹሎም ኣባላት እዛ ቅድስቲ ቤተክርስትያንና ዕዙዝ ምስጋና ከነቕርብ ንደሊ። ነዚ ጽቡቕ ናይ ሃይማኖታዊን ማሕበራዊን ኣገልግሎት ከኣ፡ መድሓኔዓለም ኣብ ዓንደ-ወርቁ ጽሒፉ፡ ንመጻኢ ጉዕዞና'ውን ከም ወትሩ ባዕሉ እንዳ ኣለየና፡ ጸግኡ ከብዝሓልናን ሰላሙ ከውርደልናን ናቱ ሰናይ ፍቓዱ ይኹነልና።

እዚ ክብረበዓልና ኣብ ቀዳም ዕለት 16 ሕዳር 2024 ዓምፈ (7 ሕዳር 2017 ግዕዝ) ብሓባር ብፍቕሪን ሕውነትን ከነብዕሎ ምኳንና ምስ ኣኽብሮት ንሕብር። ቴማ ናይ'ዚ ዕለት'ዚ "...**ተንስእ ነዚ ሕጻንን ነዲኡን ሒዝካ ናብ ምድሪ እስራኤል ኪድ**" በሎ። ማቴ፥ 2፥21

ኩሉ-ሓደ ናይ'ዚ ክቡር ዕለት'ዚ ተሳታፊ ክኸውን እንዳ ዓደምና፡ ንዘይፈለጡ ክትሕብሩ፡ ንዓናይ ናብ ቤት እግዚኣብሔር ኢልኩም ክትጉስጉሱ'ውን ሃይማኖታዊ ግዴታ ኢዩ'ሞ፡ ንጻማና ዝኸውን ምኻኑ ፈሊጥና፡ ሓቢርና ክንሠርሓሉ ሰበኻ ጉባኤ ሓደራ ይብልን ይላበወኩምን።

መድሓኔዓለም ሰላሙ ይሃበና።

ብደሓን ምጽኡ።

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበልናን።



*ሰበኻ ጉባኤ ደ/ሰላም መ/ዓለም* / ***Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem*** Email: debreselammedhaniealem@gmail.com; Website: www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965, 1081JG Amsterdam Nederland**